# *ሕጂ'ውን መፍትሒኡ ኣብ ኢድና ኣሎ*

ሰላም ወጋሕታውያን ኣብ ዝሓለፈ ካብ ሜካናይዝድ ክፍለ ሰራዊት 49 ዝተልኣኸልኩም ደብዳቤ ኣንቢብኩሞ ስሚዕና ንሕና ብወገና'ውን ኣብ ክፍለ ሰራዊትና ንዝነበረ ዓመታዊ ኣኼባ ክንሕብረኩም።

***<u>ሓበሬታ ብዛዕባ ዓመታዊ ኣኼባ ክ/ሰራዊት 39</u>***

ኣሃዱና ክ/ሰ 39 ዓመታዊ ገምጋም ኣካይዳ። ካብ ኣዘዝቲ ጋንታ ንላዕሊ ብ26/12/2009 ንሓፋሽ ኣባላት ማእከል ዝገበረ ድማ ዕለት 27/12/2009 ብቀደም ስዓብ ተካይዱ። ኣካይዳ/ኣሰራርዓ'ቲ ኣኼባ ትፈልጥዎ ትኾኑ ቀደም ስዓቡ ከምዚ ዝስዕብ'ዩ። ካብ ላዕሊ ዝንቁርቆር'ምበር ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝበሃል ኣምር ኣብ እንዳ ኣያይ የለን።

- ➢ እዚ ግንባር ምስ ኣዛዚ ምክልኻል ኣብ ኣስመራ ሓሓሊፉ'ውን እዚ ክፍላተ ሰራዊታት ይሕወሶ እዩ።
- ➢ እዚ ግንባርን ክ/ሰራዊትን ብሓባር ኣብ እንዳ ግንባር (ቤት ጽሕፈት ግንባር)
- ➢ እዚ ግንባር እዚ ክ/ሰራዊት እዚ ብርጌዳትን እንዳ ግንባር (ቤ/ጽ ግንባር)
- ➢ እዚ ክ/ሰራዊት፡ እዚ ብርጌዳት፡ እዚ ቦጦሎኒታትን መራሕቲ ሓይልን እንዳ እዚ ክ/ሰራዊት (ቤ/ጽ ክ/ሰራዊት)
- ➢ ካብ እዚ ጋንታ ንላዕሊ ድማ ኩሎም ኣብ መንበሪ ቦታ ኣሃዱ
- ➢ ናይ መወዳእታ ናይ ኩሉ ኣባል(ሓፋሽ) 'ውን ኣብ ቦትኡ 'ዩ ዝካየድ።

- ብመሰረት እዚ ሕጂ ክንገልጸልኩም ዝሓሰብና ዛዕባ ካብ'ቲ ካብ መራሕቲ ጋንታ ንላዕሊ ኣብ ዝተገበረ ኣኼባ ክ/ሰራዊትና ዝነበረ ኩነታት ብቀጥታ ተሳቲፍቲ ስለዝነበርና እንሆ ነቕርቦ።
- መራሕቲ ኣኼባ /ኣዛዚ ክ/ሰራዊትና ብ/ጀ ዳንኤል (ጨዓይ)ን ንሽሙ'ኳ ሓለቓ ስታፍ ደቡባዊ ግንባር ተባሂሉ ዝጽዋዕ እንተኾነ ብተግባር ግን ነቲ ብኣቦይ ገ/ማርያም እንዳበልና ንጭርቀሉ ሜ/ጀነራል ዑመር ሓሰን ጠዊል ዝመርሖ ግንባር ተኪኡ ዝዋሳእ ዘሎ ገባሪ ሓዳጊ ብ/ጀ እዮብ (ሓሊባይ)ን እዩ። ሓሊባይ ኣብቲ ካብ ኣዘዝቲ ጋንታ ንላዕሊ ኣኼባ ዕዱም ጋሻ ኮይኑ ተካፊሉ'ዩ። ሓሊባይ ናብ ኩለን ኣብ ትሕቲ'ቲ ግንባር ዝርከባ ክ/ሰራዊታት እንዳዞረ ኣብ ምስማዕን ኣብ ዓመታዊ ኣኼባታትን ኣብ ምስታፍን ይፍለጥ።

- ኣብዚ ሓሊባይ ዝተሳተፈሉ ናይ ክ/ሰራዊትና ኣኼባ ተሰሪየም ዝቐረቡ ኣጀንዳታት
    1. ኩነታት እገዳ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ
    2. ተሃዋጺ ጉዳይ ስግረ-ዶብ
    3. ምህጋር ሕርሻ ብርጌዳት፡ቦጦሎኒታትን ውልቀ-ሓላፍነትን
    4. ኣብ ማእቶታዊ ንጥፈታትና ዝነበሩ እወንታን ኣሉታን
    5. ኣብ ውልቀ መሪሕነት ዝተራኣዩ ብልሽውና
    6. ነብሰ ቅትለት ብዛዕባ 2ተ ኣባላት
    7. ንመጻኢ ክሳብ ወርሒ 6,2010 ፍቓድ ዕረፍቲ ዝበሃል ከምዘየለ ንኩሉ ኣባል እውጅ ምግባር ዝብሉ ነበሩ።

*ትንታነ'ዞም ኣጀንዳታት*

1. ብይን ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣብ ዝምልከት ርእሰ ጉዳይ መደረ ከስምዕ ዝተዓደመ ሓሊባይ'ዩ። ነጥቢ ብነጥቢ ድማ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ብዙሕ ሃውተተ እቲ እገዳ ኣብ 3ተ ነገራት ዘነጻጸረ ስለ ምዃኑ ከምዚ ብምባል ቀጺሉ

- እገዳ ላዕለዎት ሓለፍቲ
- እገዳ ዝውውር ኣጽዋር
- ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ባጤራን ሃብትን ሓለፍቲ ከይንቐሳቀስ ምግታእን ዝብላ ምዃነን።

ናይ'ዚ እገዳ ዋና ተዋሳኢት ኣመሪካ'ያ። ሕቡራት መንግስታት ኣብ'ዚ ኢድ የብሎምን፡ ብኣመሪካ ስለ ዝዝወሩን ናታ ከደምቲ ሰለዝኾኑን ንሳ ዘዝበለቶም ብሃሳስ ለባም ዝፍጽሙ'ዮም።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ዘንበረትሉ ምኽንያት ከደምትኹም ኣይንኮንናን ስለዝበልናዮም ፡ ብፖሊሲ ርእሰ ምርኮሳ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዝተረኣየ ቁጠባዊ ዕቤት ሰለዘፈርሖም፡ ካብ ቁጽጽሮም ትወጽእ ዘላ ሃገር ብምዃናን ጎብለል ቀርኒ ኣፍሪቃ ብምዃን ንካልኦት ሃገራት ናይ ጽቡቕ ኣብነት ከይትኾውን ስለዝሰግኡን እዮም ይብል።

*ወጋሕታውያን ኣይገረመኩምን ዶ? ሓደ ቢሂል 'ዶ ክነግረኩም "ኣብ ሰውሒ ዓይሙ ይኩምስዕ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ቀርኒ ብዕራይ ዝተቐመጠት ቁርዲድ'ሲ ኣያ ብዕራይ.....! ከቢደካ ድየ.....? በለቶ እሞ ብዕራይ ድማ ንስኺ'ኸ መን ኢኺ? ይትረፍ ክትከብድንስ*

*ኣበይ ከምዘለኺ'ኺ ከመይን መዓስን ፈሊጠኪ'የ"* በላ ይብሉ። ንምኳኑ ህግደፍ ይትረፍ ስግኣት ኣመሪካ ክኾውንስ ህግደፍ ዝበሃል ምህላው ኸ ይፈልጡ ድዮም.....? ኣብ ዕሩቕ ዝባንኻ ንገዛእ ነብስኻ ኣግዚፍካ መልሓስካ ዘዘምጸኣትልካ ምልፍላፍስ ዘየብቅዕ፡ እዚ ዝበለ ኣጉል ብደዐ ኣብ ዘብጸሖ ከምዘይብሉ ካብ ዘጸናጽን ሰዓቢ ኣዚዩ ምትራፍ ዘይምርድኦም'ዮም ሰባት ደናቁር ድዮም ዋላስ እንታይ ኣይተረዳኣናን።

ብዝኾነ ይቅሬታ ወጋሕታ ናብ ቀንዲ ንቅሎና ክንምለስ.......!

ኣስዒቡ ሓሊባይ ካልእ ምኽንያት ንእገዳ ኢሎም ዘቕረብዎ ኢሉ ብምቕጻል ጉዳይ ሶማልን ጅቡትን እዩ በለ። ንሕና ንሶማል ኣጽዋር ከነቕብል ብምንታይ ዓቕምና? በየን ከ ሓሊፍና? ኣብ ቐርኒ ኣፍሪቃ መወዳድርቲ ዘይብሉ ኣጽዋር ዘለዋ ሃገር ሶማል 'ዶ ኣይኮነትን? በለ እሞ እዚ ንምእጋድና ዝተምሃዘ ናይ ኣመሪካ ሽርሒ'ዩ ብምባል ከኣ ደምደመ።

ብዝኾነ ብዙሕ ሃዉቲቲ ኣብቲ ኣጀንዳ ዝወሰኸሉን ዝሓተቶ ሰብ ኣይነበረን። ሓደ ሰብ ግን እቲ መዛረቢ ዛዕባ ንነኒ ገዲፉ *"ኣብ'ዚ ዓመት 2010 ኣብ መነባብሮ ብመንግስቲ ዝተሓሰበ እንተ'ሎ ዶ መብርሂ ክትህበና ትኽእል.....?"* ብምባል ሓተተ። ሓሊባይ ምልክት ሕርቃን እንዳተርኣየ ኣታካ ዝመለሶ መልሲ ፡ መነባብሮ 2010 ክሕሰብን ዘይክሕሰብን ዝውስን ናይ 2009 ዓመታዊ እቶት እዩ። ሓደ ሓረስታይ ኣብ 2009 ጽቡቕ እቶት እንተሓፈሱ ኣብ 2010 ይጸግብ፡ ጸገም እንተጸንሕዎ ግን ብዝበለጸ ደኣ ክጽመም ኣለዎ'ምበር ኣብ ናብራ ለውጢ ዝበሃል ኣይረክብን ብምባል ቁንቁኝኡ ብዘይርደኣካ መልሲ መሊሹ።

## 2ይ ኣጀንዳ ስግረ-ዶብ ዝምልከት'ዩ

ኣብዚ ዓመት ናብ ጎረባብትና ብስግረ-ዶብ ዝኸዱ ኣባላት ክ/ሰራዊት ጽሩይ ገምጋም ዝተወሰደሎም በዝሖም ልዕሊ 136 ይኾኑ። ኩሉ ክፈልጦ ዘለዎ ስደት ሕሰረት'ምበር ክብረት ወይ መፍትሒ ኣይኮነን። እቶም ዝስደዱ'ውን ብዝተፈላለየ ኣገባብ ተታሒዞም ይምለሱ ኣለው። ኢትዮጵያ ተቐርቦ ዘላ ምስዳድ ንወጻኢ ንይምሰል ናይ ዝተወሰኑ ሰባት እንዳደጋገመት ትዛረቦ ደኣ'ምበር ሓቂ ኣይኮነን ፡ ስነ-ኣእምሮ መንእሰያትና ንምስራቕ ዓሊማ እያ ትሰርሕ ዘላ። ዘለውና ጊዜያዊ ጸገማት ተጸሚምና ንዘላቒ ረብሓ ንሕሰብ....ወዘተ ዝትሕዝትኡ ምፍርራሕን ልመናን ዝተሓዋወሶ ዘረባ ጨዓይ ሰሚዕና።

***3ይ ኣጀንዳ ምህጋር ሕርሻ ብርጌድ፣ ቦጠሎኒታትን ውልቀ መራሕትን ዝምልከት***

ኩሉ ሕርሻ ብርጌዳት፡ ቦጠሎኒታት ናይ ውልቀመራሕትን ናብ ክ/ሰራዊት ክህገር ብምግባር ንኣባል ‘ቲ ክ/ሰራዊት ብዝሓሰረ ዋጋ ተዓዲሉ፡ ተዓዊትናሉ በሉ፡ እታ ክ/ሰራዊት ንዓና ዘይራኣዩና abstract (ደቂ ሕድርትና) ዝኾኑ ኣባላት እንተሊኦም እንድዒ ኣይተረድኣናን እንተ እቶም ብጋህዲ ንረኣአ ግን ብዝሓሰረ ዶ ብዝኸበረ ዋጋ ሸምትዎ ዝተብሃለና ዓሸና ድዩ ዋላ ፍርቂ ዓሸና እኸሊ ሕሩምና ነይረኣና።

ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት ከም መምሃሪ ተወሲዱ ምሕረት ሂብኩም ንቀጻሊ ዓመት ጠቕሊሉ ክዕገት ዘይትገብሩ ብምባል ዝሓተቱ ምናልባት ኣብቲ ቀንጠብጠብ ኢዶም ብዝሓወሱ ሰባት ይመስለና ተሓቲቱ ኔሩ እንተኮነ በዓል ሓሊበይ/ጨዓይ ዋዘኛታት ኣይነበሩን ከምኡ ዝበሃል የለን ውልቀ መራሕቲ’ውን እንተብዓይነቱ እንተ 3,000 ናቕፋ ኣተዊ ክገብሩ’ዮም ብምባል መለስሎም።

እንተ ኣብቲ ባይታ ዘሎ ሓቂ ግን ካልእ እዩ። ካብ ወዲ ሓውሲ ናብ ጨዓይ ካብ ጨዓይ ናብ ሓሊባይ ተሃጊሩ እንተተብሃለ ንዓና እንታይና እንተ እቲ ድራማ ግና ኪነ-ጥበባዊ ክእለት ዝጎደሎ ምንባሩ ንመብዛሕትና ርዱእ እዩ።

***4ይ ኣጀንዳ 2010 ክሳብ ወርሒ 6 ፍቓድ ዕረፍቲ የልቦን***

ማንም ሰብ ንሓለፍቱ ከይሓትት ትብል ንዓቀብ ዝኣፉ ብጨዓይ ሓሳብ ቀሪባ ሓሊባይ ትቕብል ኣቢሉ እቲ ምኽንያት እዛ ኣሃዱ ድሕሪ ኣብ ቀረባ ታዕሊመን ወዲኤን ዝወጻ ኣሃዱታት ቀጺላ ናብ ታዓሊም ስለ ትኣቱ ዕረፍቲ ኣይክትስደዱን ኢኹም ዝብል ነበረ ኣብ’ዚ ርእሰ ጉዳይ ሰፊሕ ምዕዝምዛም እኳ እንተነበረ መን እሞ ሰማዒ! በስ ግበራ! ግበራ እያ ኣታ እንኮ ትእዛዝ!

***5ይ ኣብ ውልቀ መራሕቲ ዝተራኣዩ ብልሽውና ምሕደራታት ወይ ጉድለታት ኣመራርሓታት*** ዝብሉ ድማ ኣዛዚ ክ/ሰ ጨዓይ ኣዘዝቲ ብርጌዳትን ቦጠሎኒታትን ዘይሳተፍዎ ናይ መራሕቲ ጋንታ ናይ በይኖም ብሕትው ኣኼባ ጸዊዑ ዝረኣየኩም ኩሉ

ብዘይ ዝኾነ ስግኣት ግለጹ ብምባል ስለዘንሳንሰ ካብ ኣዘዝቲ ንገለ  ኣዛዚ ብርጌድ ወዲ ሓዉሲን ብዱባሩባ ዝጽዋዕ ኣዛዚ ቦጦሎኒን ጸርሐ ነቐፈይቶኦም ኣቕሪቦም።

ድሕሪ'ዚ 'ዞም ዝተጠቐሱን ካልኦትን ኣዘዝቲ ብርጌዳትን ቦጦሎንን ብግዲኦም ንመራሕቲ ጋንታ ጸዊዖም *"በላ እሰከ እቲ ንጨዓይ ዝበልክንኦ ሕጂ ድገምኣ"* ብምባል ኣፈራርሖም። መብዛሕቲኦም መራሒ ጋንታ ምስ መቕርቦ ተረዳዲኦም ብዛዕባ 'ዞም መራሕቲ ዘካይድዎ ኣዛዚ ክ/ሰራዊት ዘይፈልጦ ኣኼባ ጸዊዖም ዝገብርዎ ምፍርራሕ ጺሒፎም ኣብ መውሃቢ ሪኢቶ ሳንዱቕ ኣእትዮም። እንተኾነ ኣጆኹም ብናጻ ተዛረቡ በሃልቲ ባዕሎም መፈራራሕቲ ባዕሎም ስለዝኾኑ ንሰንሳቶም ድማ ከም ኣብ መዓኾሩ ቁስሊ ዘለዎ ከልቢ ክነብሕ ዘይክእል ቁስሎም  ከይጎዳድኦ ስለዝሰግኡ ዛጊት ፋይዳ ዘለዎ ዝተረኸበ መፍትሒ የልቦን። ክህሉ ዝጽበ ሰብ እንተሊኡ'ውን ገርሀኛ እዩ።

*እቲ ናይ መወዳእታ ክፋል፡-*

ኣብ'ዚ ዓመት 2ተ ኣባላት ኣብ ብገዛ ነብሶም ቅትለት ፈጺሞም። ካብ'ዚ ክንመሃር ይግበኣና እቲ ዝኸፍአ ጸገም ናይ ዘይምጽማም ተርእዮ እዩ ዝብል ብጨዓይ ቀሪቡ።ሕድሕዶም እንታይ ኮይኖም'ዮም ናብ'ዚ ስጉምቲ ኣትዮም ግን ክግለጽ ስለዘይተደለየ ክሓቱ ንዘንቀዱ ገለ ውልቐ ሰባት'ውን ተዓጊቶም እዮም።